# ኦሪት ዘፍጥረት

## ምዕራፍ 1
### መጀመርታ ፍጥረት

1አምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን
ፈጠረ። 2ምድሪ ቕርጺ ዘይብላ ባዶ ነበረት።
ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ብማዕበል ዚናወጽ
መዓሙቕ ባሕሪ ሰፊኑ ነበረ። መንፈስ ኣምላኽ
ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝምቢ ነበረ።
3ሽዑ ኣምላኽ ‘‘ብርሃን ይኹን’’ በለ።
ብርሃን ድማ ኾነ። 4ኣምላኽ ድማ እቲ ብርሃን
ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። ኣምላኽ ከኣ ንብርሃንን
ጸልማትን ፈለዮም። 5ኣምላኽ ድማ ነቲ ብርሃን
‘‘መዓልቲ’’ ኢሉ ሰመዮ፥ ነቲ ጸልማት ከኣ
‘‘ለይቲ’’ ኢሉ ሰመዮ። ምሸት ኮነ፥ ብጊሓት
ውን ኮነ፥ ቀዳመይቲ መዓልቲ።
6-7ኣምላኽ ድማ ‘‘ንማያት ካብ ማያት
ዚፈሊ ጠፈር ኣብ መንጎ ማያት ይኹን’’ በለ።
ከምኡ እውን ኮነ። ስለዚ ኣምላኽ ጠፈር ገበረ።
ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ድማ ኻብቲ
ኣብ ልዕሊ ጠፈር ዘሎ ማያት ፈለዮ። 8ኣምላኽ
ከኣ ነቲ ጠፈር ‘‘ሰማይ’’ ኢሉ ሰመዮ። ምሸት
ኮነ፥ ብጊሓትውን ኮነ፥ ካልኣይቲ መዓልቲ።
9ኣምላኽ ድማ ‘‘እቲ ንቑጽ መሬት ምእንቲ
ኪርአስ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ናብ
ሓንቲ ቦታ ይተኣከብ’’ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ።
10ኣምላኽ ከኣ ነቲ ንቑጽ መሬት ‘‘ምድሪ’’ ኢሉ
ሰመዮ፥ ነቲ እኩብ ማያት ድማ ‘‘ባሕሪ’’ ኢሉ
ሰመዮ። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ።
11ኣምላኽ ድማ ‘‘እታ ምድሪ ብቖሊ፥ ማለት
ከከም ዓይነቱ ዚፈሪ ዘርኢ ዘለዎ ሣዕርን ኣብ
ውሽጡ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ዚፈሪ ኣእዋምን
ተውፅእ’’ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። 12እታ ምድሪ
ኸኣ ብቖሊ፥ ማለት ከከም ዓይነቱ ዘርኢ ዚህብ
ሣዕርን፥ ኣብ ውሽጡ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ዚህብ
ከከም ዓይነቱ ዚፈሪ ኣእዋምን ኣውፅአት።
ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። 13ምሸት
ኮነ፥ ብጊሓትውን ኮነ፥ ሣልሰይቲ መዓልቲ።

1:3። 2ቆሮ. 4:6። 1:6-8። 2ጴጥ. 3:5።

14አምላኽ ድማ “ንመዓልቲ ኻብ ለይቲ
ዚፈልዩ ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ ይኹኑ፥
ንዘመናትን ንመዓልትታትን ዓመታትን ከኣ
ንመፈለጥታ ይኹኑ። 15ኣብ ምድሪ ንምብራህ
ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት ይኹኑ” በለ።
ከምኡ ድማ ኾነ። 16አምላኽ ከኣ ኽልተ ዓበይቲ
ብርሃናት ገበረ፥ እታ ዓባይ፥ ማለት ፀሓይ፥
ብመዓልቲ፥ እታ ንእሽቶ፥ ማለት ወርኂ፥ ድማ
ብለይቲ ከም እተብርህ ገበረ፥ ከምኡውን
ከዋኽብቲ ገበረ። 17-18ኣብ ልዕሊ ምድሪ
ምእንቲ ኼብርሁ፥ ኣብ መዓልትን ኣብ ለይትን
ድማ ኺሥልጥኑ፥ ንብርሃንውን ካብ ጸልማት
ኪፈልዩ፥ ኣምላኽ ኣብ ጠፈር ሰማይ ገበሮም።
ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረአየ። 19ምሸት
ኮነ፥ ብጊሓትውን ኮነ፥ ራብዓይቲ መዓልቲ።

20ኣምላኽ ድማ “ማያት ሕይወት ብዘለ
ዎም እንስሳ ይምላእ፥ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣብ
ኣየር ከኣ ኣዕዋፍ ይንፈራ” በለ። 21ኣምላኽ
ድማ ነቶም ዓበይቲ እንስሳ ባሕርን ነቶም
ንማያት መሊኦምዎ ዘለዉ በብዓይነቱ ሕይወት
ዘለዎም ውንጅርጅር ዚብሉ ኹሎምን፥ ክንፊ
ዘለወን በብዓይነተን ኵለን ኣዕዋፍን ፈጠረ።
ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረአየ።
22ኣምላኽ ድማ “ፍረዩን ተባዝሑን፥ ንማያት
ባሕሪ ምልእዎ፥ ኣዕዋፍ ከኣ ኣብ ምድሪ
ብዝኃ” ኢሉ ባረኾም። 23ምሸት ኮነ፥ ብጊሓ
ትውን ኮነ፥ ኃምሰይቲ መዓልቲ።

24ኣምላኽ ድማ “ምድሪ፥ ሕይወት ዘለዎ
በብዓይነቱ ፍጥረት፥ ማለት እንስሳ ዘቤትን
ለመምታን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቱ፥ ተው
ፅእ” በለ። ከምኡውን ኮነ። 25ኣምላኽ ከኣ
ኣራዊት ምድሪ በብዓይነቱን እንስሳ በብዓይነቱን
ኵሉ ለመምታ ምድሪ ኸኣ በብዓይነቱን ገበረ።
ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረአየ።

26ኣምላኽ ከኣ “ብመልክዕና ኸም ምስልና
ሰብ ንፍጠር። ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን
ንእንስሳ ዘቤትን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ
ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ” በለ።

27ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ።
ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ።
ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ
ፈጠሮም።

28ኣምላኽ ከኣ “ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ
ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን፥ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ
ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ
እንስሳን ከኣ ግዝኡ” እናበለ ባረኾም። 29ኣም
ላኽ ድማ “እንሆ፥ ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ
ዘሎ፥ ዘርኢ ዘለዎ ኹሉ ሣዕርን ኣብ ውሽጡ
ዚዝራእ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ናይ ኵሉ ኣእዋምን
ሂበኩም ኣሎኹ እሞ፥ ምግቢ ይኹንኩም።
30ሕይወት ንዘለዎ ኹሉ፥ ንኹሉ ኣራዊት
ምድርን ንኹለን ኣዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ
ለመም ንዚብል ኵሉን፥ ኵሉ ለምለም ሣዕሪ
ንምግቦም ሂበዮም ኣሎኹ” በለ። ከምኡ ድማ
ኾነ። 31ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ረአየ፥
እንሆ፥ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ። ምሸት ኮነ፥
ብጊሓትውን ኮነ፥ ሳድሰይቲ መዓልቲ።

## ምዕራፍ 2

1ከምዚ ኢሉ ኸኣ ፍጥረት ሰማያትን
ምድርን ናይቲ ኹሉ ኣብኦም ዘሎን ተፈጸመ።
2ኣምላኽ ከኣ ነቲ ዚገብሮ ዝነበረ ግብሩ
ፈጺሙ፥ ብሳብዓይቲ መዓልቲ ኻብቲ ዚገብሮ
ዝነበረ ኹሉ ግብሩ ኣዕረፈ። 3ኣምላኽ ከኣ
ኻብቲ ዚፈጥሮን ዚገብሮን ዝነበረ ኹሉ ግብሩ፥
በታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ስለ ዘዕረፈ፥ ንእኣ
ባረኻን ቀደሳን። 4ሰማያትን ምድርን በዚ ኸምዚ
ተፈጥረ።

### ኣዳምን ሔዋንን

በታ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምድርን ሰማያ
ትን ዝፈጠረላ መዓልቲ፥ 5ኣብ ምድሪ ገና ገለ
ኦም መሮር ኣይነበረን፥ ሣዕሪ መሮር ከኣ ሓንቲ
እኳ ኣይበቘለን ነበረ። ከመይ እግዚኣብሔር
ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ገና ኣየዝነመን ነበረ፥
ንምድሪ ዚዓዪ ሰብውን ኣይነበረን። 6ግናኸ
ንኹሉ ዝባን ምድሪ ዜስቲ ማይ ካብ ምድሪ
ይወፅእ ነበረ።

7እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ኻብ ምድሪ
ሓመድ ወሲዱ ንሰብ ገበሮ፥ ኣብ ኣፍንጫኡ
ድማ ሕይወት ዚህብ ትንፋስ ኡፍ በሎ፥ ሰብ
ከኣ ሕይወት ዘለዎ ኾነ።

8እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ብሸነኽ
ምብራቕ ኣብ ኤደን ገነት ተኸለ። ነቲ ዝፈጠሮ
ሰብ ድማ ኣብኣ ኣንበሮ። 9እግዚኣብሔር
ኣምላኽ ከኣ ምርኣዩ ዜብህግ፥ ምብላዑ ኸኣ
ጥዑም ዝኾነ ኹሉ ዓይነት ኦም ኣብ ምድሪ
ኣብቈለ። እታ ሕይወት እትህብ ኦምን እታ
ኽፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦምን ከኣ ኣብ
ማእከል ገነት ነበራ።

10ንገነት ዜስቲ ርባ ኸኣ ኻብ ኤደን ይወፅእ
ነበረ። ካብኡ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ርባታት
ተመቒሉ ይውኅዝ ነበረ። 11ስም እቲ ቐዳማይ
ርባ ፊሶን ይብሃል። ንሱ ኣብ ዙርያ እታ ወርቂ
ዘለዋ ኹላ ምድሪ ኤውላጦን ዚውሕዝ እዩ።
12ወርቂ እታ ምድሪ እቲኣ ጽቡቕ እዩ፥ ኣብኣ
ጥዑም ዝመኣዛኡ ሽቱን ክቡር እምንን ኣሎ።
13ስም እቲ ኻልኣይ ርባ ድማ ግዮን ይብሃል።
ንሱ እቲ ንኹላ ምድሪ ኩሽ ዚዞራ እዩ። 14ስም
እቲ ሣልሳይ ርባ ኸኣ ጤግሮስ ይብሃል። ንሱ
እቲ ብምብራቕ ኣሶር ዚውሕዝ እዩ። እቲ
ራብዓይ ርባ ድማ ኤፍራጥስ ይብሃል።

15እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ፥
ምእንቲ ኺዓያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን
ኣቐመጦ። 16እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንሰብ
ከምዚ ዚስዕብ እናበለ ኣዘዞ፡- “ካብ ፍረ እቲ
ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኵሉ ብላዕ። 17ካብ ፍረ
እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፥ ካብኣ

1:26። 1ቆሮ. 11:7። 1:27-28። ዘፍ. 5፥ 1-2 1:27። ማቴ. 19:4፥ ማር. 10:6። 2:2-3።
ዘፀ. 20:11። 2:2። ዕብ. 4፥ 4:10። 2:7። 1ቆሮ. 15:45። 2:9። ራእይ 2:7፥ 22:2፥14።

ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ
እሞ፥ ካብኣ ኣይትብላዕ።"
18እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ "ሰብኣይ
በይኑ ኺነብር ጽቡቕ ኣይኮነን። ንእኡ እትሰማ
ማዕ ደጋፊት ክገብረሉ[*1] እየ" በለ። 19ሽዑ
እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንዅሉ ኣራዊት
መሮርን ንዅለን ኣዕዋፍ ሰማይን ካብ መሬት
ገበረ። እንታይ ከም ዚሰምዮም ምእንቲ ኺርኢ
ኸኣ ናብ ኣዳም ኣምጽኦም። ሕይወት ዘለዎ
ዅሉ ድማ በቲ ኣዳም ዘውፅኣሉ ስም ተሰምየ።
20ኣዳም ድማ ንዅሉ እንስሳን ነዕዋፍ ሰማይን
ንኣራዊት መሮርን ሰስሙ ሃቦ። ንእኡ እትበቅዕ
ደጋፊት ግና ኣይተረኽበትን።
21እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም
ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉ። ደቂሱ ኸሎ ኸኣ ካብ
ጐኑ ሓንቲ መሰንገለ ወሰደ። ነታ ሥፍራኣ ድማ
ብሥጋ መልኣ። 22እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ
ነታ ኻብ ኣዳም ዝወሰዳ መሰንገለ፥ ሰበይቲ ገይሩ
ሠርሓ እሞ ናብ ኣዳም ኣምጽኣ። 23ኣዳም ከኣ
"እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፥
ሥጋ ኸኣ ካብ ሥጋይ እያ፥
ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፥
ሰበይቲ ትብሃል" በለ።
24ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይኃድግ፥ ምስ
ሰበይቱ ኸኣ ይወሓድ። ሓደ ኣካል ድማ ይኾኑ።
25እቲ ሰብኣይን እታ ሰበይቱን ድማ
ኽልቲኦም ጥራዮም ነበሩ፥ ኣይሓንኩን ከኣ
ነበሩ።

## ምዕራፍ 3

### ውድቀት ኣዳም

1እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ ዝፈጠሮ ዅሉ
ኣራዊት መሮር፥ ተመን ኣዝዩ ጐራሕ ነበረ።
ነታ ሰበይቲ ኸኣ "ኣምላኽሲ 'ካብ ዅሉ ኦም
ገነት ኣይትብልዑ' ኢሉዶ ኣዚዙኩም እዩ፧"
ኢሉ ሓተታ።
2እታ ሰበይቲ ነቲ ተመን "ኣብ ገነት ካብ
ዘሎ ፍረ ኦም ንበልዕ ኢና። 3ብዛዕባ ፍረ እታ
ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ፥
'ከይትሞቱስ፥ ካብኣ ኣይትብልዑ፥ ኣይትተንክ
ይዋውን' ኢሉ ኣዚዙና እዩ" ኢላ መለሰትሉ።
4-5እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ "ኣይፋ
ልኩም፥ ኣምላኽ ደኣ ኻብታ ኻብኣ ዝበላዕኩ
ምላ መዓልቲ ዅሉ ኽም እትፈልጡ፥ ከም
ኣምላኽውን ከም እትኾኑ፥ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ
ኽም እትፈልጡ ስለ ዝፈለጠ እዩ 'ኣይትብ
ልዑ' ዝበለኩም እምበር ከቶ ኣይትሞቱን
ኢኹም" በላ።
6እታ ሰበይቲ ድማ፥ እታ ኦም ንምርኣያ
ጽብቕቲ፥ እቲ ፍሬኣ ንምብልዑ ጥዑም፥ ጥበብ
ብምሃብውን ዜብህግ ምዃኑ ርእያ፥ ካብ ፍረ
እታ ኦም ወሲዳ በልዐት፥ ንሰብኣያ ድማ
ሃበቶ፥ ንሱውን በልዐ። 7ሽዑ ኣስተውዓሉ፥
ጥራዮም ምዃኖም ድማ ፈለጡ። ቈጽሊ በለስ
ሰፍዮም ከኣ ተዓጥቁ።
8ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፥ እግዚኣብሔር
ኣምላኽ ኣብ ገነት ኪመላለስ ሰምዑ። ኣዳምን
ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ኣምላኽ
ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተኃብኡ። 9እግዚ
ኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ "ኣበይ
ኣሎኻ፧" በሎ።
10ንሱ ኸኣ "ድምፅኻ ኣብ ገነት ሰማዕኩ፥
ጥራየይ ስለ ዝኾንኩ ድማ ፈሪሀ ተኃባእኩ"
ኢሉ መለሰሉ።
11ንሱ ድማ "ጥራይካ ምዃንካ ደኣ መን
ነገረካ፧ ካብታ 'ካብኣ ኣይትብላዕ' ኢለ
ዝኣዘዝኩኻ ኦምዶ በሊዕካ ኢኻ፧" ኢሉ ሓተቶ።
12ኣዳም ከኣ "እዛ ምሳይ ክትከውን
ዝሃብካኒ ሰበይቲ ኻብታ ኦም ፍረ ሃበትኒ እሞ
በላዕኩ" ኢሉ መለሰ።
13እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ነታ ሰበይቲ
"ስለምንታይ እዚ ገበርኪ፧" ኢሉ ሓተታ።
እታ ሰበይቲ ኸኣ "ተመን ኣስሒቱኒ እየ
ዝበላዕኩ" ኢላ መለሰት።

### እግዚኣብሔር ፍርዱ ኽም ዝሃበ

14ሽዑ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንተመን
ከምዚ ዚስዕብ በሎ፦ "እዚ ስለ ዝገበርካ፥ ካብ
ዅሉ እንስሳ ዘቤትን ኣራዊት መሮርን ርጉም
ኩን። ብኸብድኻ ኪድ፥ ዅሉ ዘመን ሕይወትካ
ድማ ሓመድ ብላዕ። 15ኣብ መንጎኻን ኣብ
መንጎ እዛ ሰበይትን፥ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ
መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ
ርእስኻ ኺጭፍልቕ እዩ፥ ንስኻ ድማ ሸኾናኡ
ኽትነክስ ኢኻ።"
16ነታ ሰበይቲ ኸኣ "ኣብ ወርኃት ጥንስኺ
መከራ ኽብዝሕ እየ፥ ደቂውን ብጻዕሪ ኽትወ
ልዲ ኢኺ፥ ምስናይ እዚ ግና ድሌትኪ ናብ
ሰብኣይኪ ኪኸውን እዩ። ንሱውን ኪመልክኪ
እዩ" በላ።
17ንኣዳም ከኣ "ቃል ሰበይትኻ ስለ
ዝሰማዕካን ካብታ 'ካብኣ ኣይትብላዕ' ኢለ
ዝኣዘዝኩኻ ኦም ስለ ዝበላዕካን፥ ምድሪ
ብሰንኪኻ ርግምቲ ትኹን። ዅሉ ዘመን ሕይወ
ትካ እንጌራኻ ኻብኣ ብጻዕሪ ብላዕ። 18እሾኹን
ተኹርባን ተብቍለልካ፥ ብቕሊ መሮር ድማ
ብላዕ። 19ካብኣ ኢኻ ተፈጢርካ እሞ ናብታ
ዝተፈጠርካላ ምድሪ ኽሳዕ እትምለስ፥ እንጌራኻ
ብረሃጽካ ብላዕ። ከመይ መሬት ኢኻ፥ ናብ
መሬት ከኣ ኽትምለስ ኢኻ" በሎ።
20ኣዳም ድማ ንሰበይቱ ኣደ ዅሉ ሕያው
ስለ ዝኾነት "ሔዋን"[*2] ኢሉ ሰመያ። 21እግ
ዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን
ዲኖ ገይሩ ኸደኖም።

---

2:24። ማቴ. 19:5፥ ማር. 10:7-8፥ 1ቆሮ. 6:16፥ ኤፌ. 5:31። 3:1። ራእይ 12:9፥ 20:2።
3:13። 2ቆሮ. 11:3፥ 1ጢሞ. 2:14። 3:15። ራእይ 12:17። 3:17-18። ዕብ. 6:8።
1* 2:18 ክገብረሉ፦ ግዕዝ "ንግበረሉ" ይብል።
2* 3:20 ሔዋን፦ ብዕብራይስጥ ሔዋን "ሕይወት" ማለት እዩ።

### ኣዳምን ሔዋንን ካብ ገነት ከም ዝተሰጉ

[22]እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ‘‘እንሆ፥
ኣዳም ከም ሓደ ኻባና፥ ጽቡቕን ክፉእን ዚፈልጥ
ኮነ። ሕጂ ኸኣ ንዘለዓለም ሕያው ኮይኑ ኽይነብር
ካብ ኦም ሕይወት ወሲዱ ኣይብላዕ’’ በለ።
[23]ስለዚ ነታ ዝተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኺዓያ፥
እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንኣዳም ካብ ገነት ኤደን
ኣውፅአ። [24]ንኣዳም ምስ ኣውፅአ ድማ፥ ነታ
ናብ ኦም ሕይወት እትወስድ መገዲ ዚሕልዉ፥
ኪሩቤልን ሃልሃል እትብል እተንበልብል ሰይ
ፍን፥ ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ኤደን ኣቐመጠ።

© The Bible Society of Eritrea, 1998
ISBN 9966-40-880-0
TIGRIGNA BIBLE CL067 BSE-UBS 0.15M 1999